## ተንኾል ንመሃዚኣ።

እኩባት ዓያሹ ፈጺሞም ዝጠፈሹ፡
ብተንኮል ወገን ኣዝዮም ዝመሸመሹ፡
ብሓባር ይገሹ ፖሎቲካ ሓፋሽ እናሓሸሹ።

መሬት ምስ ዓረበ ከዕርፉ የላግሱ፡
ዝብኢ ይቕበሎም ማእሲ ኣለሳሊሱ፡
ጉምቡው ይብሉ ኣብኡ ከድቅሱ።

ድቃስ ይወስዶም ምስ ከቢድ ሕልሚ፡
ሃተፍተፍ የብዝሑ ዘስምዕ ጸማም እዝኒ፡
ዝብኢ ይብል ሎምስ ገሪሙኒ።

መሬት ወጊሑ ረፋድ ምስ ኮነ፡
ዓያሹ ተስኡ ዓይኖም ደበነ፡
ጸሓይ ከሎ ኮኖም ጸልማት ድነ።

ዎዮም ኣዛብእ ቅርብ በሉ ናብኦም፡
ኣጥቢቖም ሓተቱ ጉዳይ መምጺኢኦም፡
ኪርኪር ኢልም ሰሓቑ ምስ ሰምዑ መልሶም።

ዓሻ ኣንጭዋ ይልሕስ ኣፍንጫ ዱሙ፡
ጉዕዞ ሃሱስሳት ኮምኡ’ዩ ትርጉሙ፡
መንግስቲ ክግምጥሉ ብወያነ ንሻን ተሸለሙ።

ወያነ ኀባጥ ማንታ ዝልቡ፡
ሃሱሳት ዓሲቡ ዓሳሲቡ፡
ኣብ ሃገርና ሕንፍሽፍሽ ከእቱ’ዩ መደቡ።

ክፍኣት ንመሃዚኣ መፈንጠራ፡
እናሃትለ ብህወሓት ጀሚራ፡
መደቦም ዝነበረ ክኸውን ኣብ ኣስመራ

ተንኮል ወያነ ስጉምቲ ከይከደ፡
ኣብ ኢትዮጵያ ባርዕ ተኣጉደ፡
ዝያዳ ጃንዳ ንሃሱሳት ዘሰንበደ።

ዓወት ንቑኑዕ ቃልሲ ህዝቢ ኢትዮጵያ።
ስዕረት ንዓለታዊ ወያነን ዕሱባቱን።
ገብረንጉስ መስመር።